ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ الوحدة الارترية للتغيير الديمقراطي
**Eritrean Unity for Democratic Change**

---

## <u>ደምዳሚ መግለጺ 3ይ ስሩዓ ኣኼባ ማእከላይ ሸማግለ ኤስደለ</u>

ማእከላይ ሸማግለ ኤስደለ ኣብ ዕለት 17ን 22- 23 መጋቢት ንሰለስተ መዓልትታት ኣብ ዘካየዶ ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣካይዱ ደምዲሙ።

ኤስደለ ሕጂውን ሓድነታውን ብዙሕነታውን ፖለቲካዊ ባህርያቱ ሒዙ ኣብ ዝቕጽለሉ ዘሎ እዋን፡ ምስቶም ኣባላት ተሓኤ ነበር ድሕሪ ዝገበሮ ዕዉት ምትሕንፋጽ ነቲ ዝጸንሖ ሕብረ-ብሄራውን ሕብረ-ሃይማኖታውን ፖለቲካዊውን ማሕበራውን ሰረቱ ኣጠናኺሩ፡ ገናውን ምስ ካለኦት ዝመስልዎ ውድባት እናተዛተየ ናይ ሓድነት ጉዕዞኡ ወትሩ ኣበርቲዑ ዝቕጽለሉ ምኳኑ ኣስሚሩሉ።

ሃገርና ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ልዕሊ ሰላሳን ሓደን ዓመታት መሪር ናይ ህግደፍ መግዛእቲ እቲ ዝነበራ ቁጠባዊ ትሕዝቶ እናዓነወ፡ ማሕበራዊ ፈትሊ ህዝቢ ኤርትራ እናተበጣጠሰ፡ ፖለቲካዊ ተፈላጥነታ ብሕማቕ ጥራሕ እናተላዕለ፡ ምስ ካለኦት ሃገራት ዘለዋ ዝምድና ናይ ጎነጽ እምበር ናይ ተኻኣኢልካን ተደጋጊፍካን ምኻድ ኣንፈት ዘይብሉ ምኳኑ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እናኾነ መጺኡ። ኣብዚ ዝሓለፈ ልዕሊ ክልተ ዓመታት ድማ እቲ ብዘይካ ዓመጽ ካልእ ቋንቋ ዘይፈልጥ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ዘይምልከቶ ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ኣትዩ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ቅሉዕ ወራር ፈጺሙ። እዚ ድሕሪ ምፍጻሙ ማሕበረሰብ ዓለም፡ ኣብ ዓለምለኻዊ ቤት ፍርዲ ከኽሰሶ ዝኽእል ሰብኣዊ ገበናት ፈጺሙ ኣሎ ክብሉ ክስታቶም ይምስርቱ ከምዘለዉ ንዕዘብ ኣለና። ኤስደለ ኣብ ልዕሊ ሓው ህዝቢ ትግራይ ዝተፈጸመ ቅሉዕ ወራር ይኹንን። ነዚ ሕጂ ተጀሚሩ ዘሎ ናይ ሰላም ጉዕዞ ኣብ መጨረሸትኡ ክበጽሕን ኣብ ካልእ ክፍልታት ናይ ኢትዮጵያ ዘሎ ጸገማት ተፈቲሑ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ሰላም ክነግስን ዘለና ድሌትን ትምኒትን ንገልጽ።

መንእሰያት ኤርትራ ህግደፍ ኣብ ስልጣን ካብ ዝመጽእ ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ ካብ ኩናትን ህልቂትን ከየዕረፉ እዮም ጸኒሖም። ዝሓለፈ ይኣክል እንተበልና ከኣ ኣብዚ ዝሓለፈ ልዕሊ ክልተ ዓመታት ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ብዘይምሕረት ተገፊፎም ተገዲዶም ናብ ኩናት ክኣትዉን፡ እቶም ደቕኹም ሓቢእኩም ተባሂሎም ዝተኸሰሱ ድማ ካብ መንበሪኦም ተባሪሮም ኣብ ጎደና ክድርበዩን ታሪኽ ይቕረ ዘይብሎ ጭካነ ስርዓት ህግደፍርኢና። እዚ ኩናት ደው ምባሉ ብቐዳምነት መንእሰያት ኤርትራ ክሳብ ህግደፍ ከም ኣመሉ ካልእ ኩናት ዝጽሕትር እንተወሓደ ንግዚኡ ኣፎይታ ክረኽቡ ስለዝገብር ብሓንፎፋይ ከም እንቕበሎ ነረጋግጽ።

ሃገርና ኤርትራ ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ሃገራት ብሰላም እናተደጋገፈትን ዘለዋ እናሃበትን ዘይብላ ብሰላም እናሓተተትን እትነብር ኣብነታዊት ናይ ፍቕሪ ሃገር እምበር ብብረትን ዓረርን

እትፍለጥ ሃገር ክትከውን ኣይኮነን ቃልስና። ከምቲ ካለኦት ኣብ ሉኣላውነትና ክደፍሩና ዘይንደሊ፡ ንሕናውን ናይ ካለኦት ጎረባብቲ ሃገራት ሉኣላውነት ክንደፍር ብኣረኣእያን ብተግባርን እንኹንኖን እንውግዶን ጸረ-ደሞክራሲያዊ ባህርያት ምዃኑ ማኣከላይ ሽማግለና ኣስሚሩሉ።

ኤስደለ ኣካሉ ዝኾነ ኣብ መጨረሽታ 2021 ኣብ ትሕቲ ጽንኩር ኩነታት ዝተመስረተ ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር - ኤስሃግ፡ ኣብ ዕሽል ዕድሚኡ ምስ ኩናት ትግራይ ብዝተኣሳሰር ምኽንያት ብዙሕ መሰናኽላት ዝገጠሞ እኳ እንተኾነ ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ብመሪር ተመኩሮ ተሳሒሉ ዝወጸ ንቕድሚት ከኣ ተሰፋን ድሌትን ደለይቲ ፍትሒ ከርዊ ዝኽእል ተመኩሮ ቀሲሙ ዝሓለፈ ምዃኑን ኣብ ዕቤቱን ምጥንኻሩን ከም ውድብ ኩሉ ዝከኣለና ክንገብር ምዃንና ኣረጋጊጹ።

ኤስደለ ሓደ ካብቶም መሰረትቲ ኤሃባደለ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ኣመራርሕኡ ዝምድቦም ኣባላቱ ሙሉእ ግዜኦም ክህቡ ክገብር ዝጸንሐ ውድብ ምዃኑ ኩሉ ዝፈልጦ እዩ። ይኹን እምበር ኣብ ኣባላት ውድባት ኤሃባደለ በብእዋኑ እናገፍሐ ክኸይድ ዝጸንሐን ዘሎን ፖለቲካዊ መርገጻት ንኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንቕድሚት ከይከይድ ሓሊኹ ሒዝዎ ከምዘሎ ርእዩ። እቲ ዝኸፍእ ከኣ ባዕሉ እቲ ርእሰ ፋሺሽቲ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ሃገርና እናኣንቀልቀለት እምበር እናዓበየት ትኸይድ ከምዘየላ ከይሓፈረ እናገለጸልና ኣብ ዘሎ እዋን ገለ ውድባት ኤሃባደለ ምስ መንግስትና ኣለና ክብሉን ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ከኣ ዝኾነ ስጉምቲ ከይወሰደ ከም ንቡር ክወስዶ ምራኣይና እናሓዘንና ንዕዘቦ ዘለና ጉዳይ እዩ። ንኸምዚ ዝበለ ግጉይ ዝንባሌ ዝሓዙ ኣሓት ውድባት ካብ ዝሓለፈ ናይ ተስዓታት ተመኩሮ ክመሃሩ፡ ካብኡ ተረፈ ግን ኣብ ደንበ ተቓውሞ ሕንፍሽፍሽ ካብ ምእታው ክቑጠቡ ንመክር።

ኤሃባደለ ነቲ ኣብ ካላኣይ ጉባኤኡ ዝወሰኖ ውሳኔታት እሙን ኮይኑ ናብ ዝሰፍሐ ጽላል ንኽሰጋገር ኣብ ዝግበር ኣዎንታዊ ቃልሲ ኩሉ ዝከኣለና ክንገብር ድልዋት ምዃንና ማእከላይ ሽማግለ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።

ንልዕሊ ክልተ ዓመታት ዘቑጸረ ጥርናፈ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ብጉባኤኡ ኣቢሉ ዝሰፍሐ ጽላል ፖለቲካዊ ውድባት ክምስርት ዝግባእ እኳ እንተነበረ፡ ብሰንኪ ኣብ ውክልና ዘጋጠመ ዘይምርድዳእ ክሳብ ሕጂ ርኡይ ምዕብልናታት ከየርኣየን ዝተነበረሉ ትጽቢት ህዝቢ ኤርትራ ከየርወየን ጸኒሑ። ማኣከላይ ሽማግለ ኤስደለ እዚ ዝረአ ዘሎ ናይ ውክልና ፍልልያት ኣብ ከምዚ ኣቲናዮ ዘለና መድረኽ ይትረፍዶ መፈላለይስ መካትዒ እውን ክኸውን ኣይግባእን ኢሉ ይኣምን። ስለ ዝኾነ ድማ ህዝቢ ጠቕሊሉ ካብ ደንበ ተቓውሞ ተስፋ ከይቆረጸ ከሎ ኣብ ውክልና ዘሎ ፍልልያቶም ሰጊሮም ኣብ ምምስራት ሰፊሕ ጽላል ክኣትዉን ኣብ ወረቐት ኣሰፊሮሞ ዘለዉ ዓበይቲ ዕላማታት ኣብ ተግባር ከውዕሉ ሓባራዊ ቃልሲ ከካይዱን ይምሕጸን።

ስርዓት ህግደፍ ብሰንኪ እከይ ተግባራቱ ካብ እዋን ናብ እዋን ካብ ህዝቢ እናተነጸለ እኳ እንተመጸ፡ ግን ድማ መብዛሕትኡ ህዝቢ ነብሱ ካብ ቃልሲ ኣግሊሉ ምህላዉ በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ እቲ ብውዱብ ይኹን ብዘይተወደበ መንገዲ ዝቃለስ ዘሎ ከኣ ኣተሃላልውኡ ፋሕ ዝበለ

ስለ ዝኾነ ክሳብ ሕጂ ንስርዓት ህግደፍ ንምቅያር ርኡይ ኣስተዋጽኦ ክገብር ኣይጸንሐን። ካብቲ ንነዊሕ ዓመታት ዘድከመና ግጉይ ተመኩሮታት ወጺእና ሓባራዊ ቃልሲ ንኸይንገብር ዝዕንቅፉና ነገራት ነቒስና ክነውጽእ ይግባእ። ህዝቢ ኤርትራ ካብ ኣትይዎ ዘሎ ጸበባ ክድሕን ዝኽእል ሓባራዊ ስራሓት ኣብ ምስራሕ ኤስደለ ካብኡ ዝድለ ዘበለ ኩሉ ክገብር ድሉው ምዃኑ የረጋግጽ።

ኣብ ይኣክልን ኣብ ብርጌድ ንሓመዱን ተጠርኒፉ ዘሎ ዉዑይ ናይ መንእሰይ ሓይሊ እቲ ዘለውዎ ሃገራት ዘፍቅዶ ሕጋዊ መስርሕ ተቓውሞ ተኸቲሎም ጸረ ህግደፍ ኣብ ዝገብርዎ ቃልስታት ኣብ ጎድኖም ምህላውናን ካባና ዝድለ ኩሉ ክንገብር ምዃንና ማኣከላይ ሽማግለና ደጊሙ የረጋግጽ። ብናይ ሓባር ሃገራዊ ስራዊት ተበጊሱ ዘሎ ግንባርና ኤስሃግ ተሰፍኡ ካብዞም ተቓውሞኦም ብዓውታ ዘስምዑ ዘለዉ መንእሰያት ምዃኑ ብምእማን ኑቶም ናይ ባህርን ሰብ ዝፈጠሮ ጸገማትን ተጻዊሮም ንህዝቢ ኤርትራ ንምድሓን ዝቃለሱ ዘለዉ ዕሽል መንእሰያት ብኹሉ ዝከኣሎም ክሕግዙን ከባራትዑን ንጽውዕ።

ብሰንኪቲ ህግደፍ ዝፈጠሮ ዕረፍቲ ዘይብሉ ወተሃደራዊ ዕስክርናን ትንፋስ ዘይህብ ፖለቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውን ጸገማት ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ስደት ኣይቋረጸን ጥራሕ ዘይኮነስ መሊሱ እናገደደ ይኸይድ ከምዘሎ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ`ዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ትግራይ ዝነበሩ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ትግራይ ዝወረደ ኩሉ ዓመጻት ኣብ ልዕሊኦም እውን ዝወረደ ምዃኑ እናሓዘንና ንገልጾ ጉዳይ እዩ። እቶም ካብዚ ኩሉ ጸገም ብህይወት ተሪፎም ዘለዉ ዜጋታትና ናብ ንቡር ህይወት ክምለሱ ዝምልከቶ ዓለም ለኻዊ ትካል ስደተኛታትን ዝምልከቶም ኣካላት ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ቀላሕታ ክግብሩሎም እናጸዋዕና፡ ብዓቢኡ ግን ኩሉ ኤርትራዊ ብዝተወደበን ብዘይተወደበን መንገዲ ሓገዝ ክገብረሎም ንጽውዕ።

ኣብ ሱዳን ዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት እውን እንተኾነ ካብ ግፋን ማሰርትን ኣየዕረፉን። ብርግጽ ንዓሰርተታት ዓመታት፡ ኣሻሓት ኤርትራውያን ስደተኛታት  ዘዕቆበ ለዋህ ህዝቢ ሱዳን ብዙሕ ምስጋና ዝግበኦ እዩ። እንተኾነ ግን ሓሓሊፉ ብገለ ውልቀሰባት ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝረአ ዘሎ ነቲ ጨዋ ባህሊ ህዝቢ ሱዳን ዘየንጸባርቕ ስራሓት መንግስታውን ማሕበራውን መኣረምታ ክገብረሉ ንጽውዕ።

ስርዓት ህግደፍ ሕጂውን ዕድመ ስልጣኑ ከናውሕ ኣብ ዝተፈላለየ ግዳማዊ ውዕላት ክኣቱ ይረአ ኣሎ። ኢሰያስ ኣፈወርቂ ብባህርያቱ ንውልቁ እምበር ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ክብል ዝኣተዎ ውዕላት ስለ ዘይረኣና ብሕጂ ዝግበር ውዕላት እውን ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ዘገልግል ከምዘይከውን ብምርዳእ ህዝቢ ኤርትራን ተቓለስቲ ደቁን ነቒሖም ክከታተልዎ ንጽውዕ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ህግደፍ ዝወለድካዮም ጎቢዞም ከይትርኢ፡ ዝጎበዙ ተማሂሮም ወይ ሰሪሖም ሕልሞም ጋህዲ ክገብሩ ከምዘይክእሉ ናይ ዝሓለፈ ልዕሊ ሰላሳ ዓመታት ብዓይንኻ ዝረኣኻዮ እዩ። ኣብ ትሕቲ ስርዓት ህግደፍ ጥፍኣት እምበር ልምዓት የለን። እዚውን ርእሰ-ፋሽሽቲ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ባዕሉ ነጊሩና እዩ። ስለዚ ስርዓት ህግደፍ ጸላኢኻ ምዃኑ ፈሊጥካ ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ስልጣኑ ንምእላይ ተላዓል።

ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ እውን ግዳይ ናይቲ ሕሱም ስርዓት ኢኻ። ስርዓት ህግደፍ ጸረ ኩሎም ጎረባብትናን ስግር ጎረባብትናን ኩናት እናወለዐ ዕረፍቲ ዝኸልኣካ ዘሎ ምኽንያት፡ መንእሰያት ኣብ ከተማታትን ኣብ ውሽጢ ዓድን ሕድሕዶም ብነጻ ከይዋሰኡን ከይመያየጡን ናይ ለውጢ ኣተሓሳስባ ከየማዕብሉን ስለ ዝፈርሕ ጥራሕዩ። ኣብ ትሕቲ ስርዓት ህግደፍ ናብራኻ ምስ ድፋዕን ጥይትን ባሩድን ጥራሕዩ ክኸውን። ካብዚ ሕሰም`ዚ ንምንጋፍ ተሓንጊጥካዮ ዘለኻ ብረት ንድሕነት ህዝቢ ኤርትራ መታን ክውዕል ብዝተወደበ መንገዲ ኣንጻር ስርዓት ስርዓት ህግደፍ ከተውዕሎን መንሕን ለዋህ ህዝብኻ ክትከውንን በዚ ኣጋጣሚ ንጽውዕ።

ዓወት ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ

ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና

23 መጋቢት 2023